ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

**Eritrean Orthodox Tewahdo**
**MedhanieAlem kerk**
**Amstelveen -Amstelland**
**Holland.**

30 **መስከረም** 2013 **ዓ.ም.ግ.**
10 **ጥቅምቲ** 2020 **ዓ.ም.ፈ.**
**ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ**2013-246

*በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።*

*ጉዳይ፥ ምዕባለታት 'ኮሮና ቫይረስ'ን ሳዕቤናቱን፡*

*ናብ ዝኸበርኩም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡*

*ኣቐዲምና መንፈሳዊን ሕውነታዊን ሰላምታና ነቕርበልኩም። ኣስዒብና ከኣ ኣብ ህይወትኩም ሰላምን ጥዕናን ኣብ ስራሓትኩም ከኣ ግስጋሰን ዓወትን ንምነየልኩም።*
*ካብ'ዚ ብምቕጻል ንህይወትናን መነባብሮናን ዘተንከፈ ለበዳ 'ኮሮና ቫይረስ' ብዝምልከት፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዘሎ ምዕባለታትን ሳዕቤናቱን ዝገልጽ ሓበሬታ ነመሓላልፈልኩም ኣሎና።*

*መንግሥቲ ነዘርላንድ ካብ ዕለት* 29-09-2020 *ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ክውዕል ብዝኣወጆ ኣዋጅ መሠረት፣ ዋናታት ቤተክርስትያን ከኣ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያንን ኣዳራሻን* St. Augustinuskerk *ኣመልኪቶም፡ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣለዎ ኢሎም ዘመሓላለፉዎ ኣገዳሲ መምርሒ ጸሚቕና ብኸም'ዚ ዝስዕብ ነቕርበልኩም፣*

1- *እቲ ሓፈሻዊ ሕጊታትን መምርሒታትን፡* (*ንኣብነት* 1,5 *ሜትሮ ምርሕሓቕ*) *ከም ቀደሙ ክኽበር ኣለዎ፣*
2- *ኩሉ-ሓደ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ መአከቢ ቦታታት፣ ድኳናትን መጉዓዝያታትን መኸደኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክጥቀም ከምዘለዎ፣*
3- *እቲ ብመንግሥቲ ዝተኣወጀ ዝለዓለ ቍጽሪ/ብዝሒ ተሳታፊነት ኣብ ኣኼባ፡ ኣርባዕተ* (4) *ሰባት ጥራይ ኢዩ። ብዝሒ ተሳተፍቲ ኣብ ቤተክርስትያን ከኣ ሰላሳ* (30) *ጥራይ ምዃኑ ኣመሓደርቲ* (*ዋናታት*) *ቤተክርስትያን እዚ ክኽበር ተገሊጹ ከምዘሎ፣*
4- *እቶም ቍጽጽር ዝምልከቶም ኣካላት፡* BOA *ወይ* politie *ምስ ዝመጹ፡ እቲ ብናቱ ሓላፍነት ኣኼባ ዘካየደ ሰብ ወይ ኣካያዲ ሥራሕ፡ ነቲ ንርእሲኡን ንዋናታት ቤተክርስትያንን ዝዋሃብ ወይ ዝመጾም መቕጻዕቲ ብሓላፍነት ይስከም፣*
5- *ኣብ ጊዜ ኣኼባን ኣዳራሽን ቡን ወይ ሻሂ ክስተ ክልኩል ምዃኑ፣*
6- *ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ መምርሒ/ኣዋጅ፡ እቲ መንግሥቲ ዝያዳ መግለጺ ምስ ዘቕርብ ወይ ለውጢታት ምስ ዝእውጅ፡ ኣብ ቀጻሊ ከም ዝግለጽ ካብ ዋናታት ቤተክርስትያን ዝተሓበረና ምዃኑ፣ ንሕና እውን ነቲ እዋናዊ ሓበሬታ ከም እንሕብር ነፍልጥ።*

*ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ*

*እግዚኣብሔር ምሕረቱ የውርደልና። ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቢተክርስትያንናን ይባርኽልናን ይዓቅበልናን፡*

*መልኣከ ሰላም ቀሺ ክብሮም ኪዳነ*

ኣቦ-መንበር

***ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም***
***Het Kerkelijke bestuur***
Email: debreselammedhaniealem@gmail.com
www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965**
**1081 JG Amsterdam Nederland**